# ኣብ መደበራት ስደተኛታት ዝጸንሐን ዘሎን ሕጽረት ዝስተ ማይ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዚ ኤርትራ
19.07.2009



ኣብ መደበራት ስደተኛታት ሱዳን ሕጽረት ማይ ናይ ነዊሕ እዋን ሽግር ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። መደበር ስደተኛታት ኡምጉርጉርን ዓቡዳን ብፍላይ፡ ዋላ'ኳ ብነበርተን ዝቐርብ ተደጋጋሚ ጥርዓናት እንተነበረ፡ ናይ ማይ ሽግራተን ከይተፈትሐ ንነዊሕ ግዜ'ዩ ጸኒሑ። ካብ መደበራት ሰምሰምን ኣቡረኽምን ናይ ምጽራይ ምርመራ ተኻይድሎም ናይ ዑቐባ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት ናብ ኡምጉርጉር፤ ካብ መደበራት ስደተኛታት ኡምዓልን ወደልሕለውን ዝሓለፉ ድማ፡ ናብ ዓቡዳ ኢዮም ክለኣኹ ጸኒሖም። በዚ ምኽንያት'ዚ ብዝሒ ተቐማጦ ኡምጉርጉር 10,000 ክኸውን ከሎ፡ ናይ ዓቡዳ ድማ 5800 ምብጽሑ ጸብጻባት ላዕለዋይ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራትን ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳንን የረጋግጹ።



እዘን ክልተ መደበራት ስደተኛታት እዚኣተን፡ ካብ ቀደም ኣትሒዘን ብሕጽረት ዝስተ ማይ ክሳቐያ ዝጸንሓ ኢየን። እዚ እናተፈልጠ እንከሎ ከኣ'ዩ፡ ኣብ ካልእ መደበራት ዝነበሩ ስደተኛታት ናብአን ከምዝሕወሱ ዝተገብረ። እዚን፡ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ዘለዎ ሓላፍነት ምዝንጋዕን ተደማሚሩ ከኣ፡ ነቲ ቅልውላው ዝያዳ እናበኣሰ ክኸይድን ሱር ክሰድድን ገይርዎ።



ዝስተ ማይ ንምርካብ ዝግበር ነዊሕ መስርዕን ትጽቢትን፡ ተራይ'ዩ ተራይ'ባ ዝብል ምውጣጥን ባእስን፣ ከም ውጽኢቱ ዝስዕብ ናይ ምድማይ፡ ሞት፡ ማእሰርትን ሓደጋታት ዕለታዊ መነባብሮ ናይ ተቐማጦ እዘን መደበራት ኢዩ።